# እንኳን ደህና መጡ



LANDKREIS
EBERSBERG
Team Demografie - Zukunft gestalten

Landkreis
Ebersberg



nach Erding
Markt
Schwaben
Pliening
Poing
A 99
A 94
Forstinning
B 12
Hohenlinden
nach Mühldorf
Anzing
Ebersberger Forst
Vaterstetten
München
Zorneding
A 99
Kirchseeon
B 304
Ebersberg
Steinhöring
nach Wasserburg
Grafing
Moosach
Oberpframmern
Frauenneuharting
Bruck
Egmating
Aßling
Emmering
Glonn
Aying
Baiern
nach Rosenheim
nach Holzkirchen

# ኣብዚ ምህላውኩም ደስ ይብለና

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን,

ኣብ ዞባ ኣበርስበርግ ብውሑዱ ካብ 140 ሃገራት ዝመጽኡ ሰባት ይነብሩ። በቶም ካብ ኩኦም ክፍልታት ዓለም ሒዝኩምዎም ዝመጻእኩም ብዝሒ ቋንቋታትን ተመክሮታትን ሕጉሳት ኢና። ንስኹም እውን ኣብ ምዕማር ዞባና ተራ ስለትጻወቱ ደስ ይብለና።

በቲ ሓደ ወገን ብቐርበቱ ን ባህርይን ሕርሻን፣ በቲ ካልእ ወገን ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ማእከል ከባቢ ርእሰ ከተማ ሙኒክ ብምዃን፣ ዞባ ኣበርስበርግ ኣዚዩ ሰሓቢ ባይታ ሂወት ይህብ። ምስ ሓደ ኣዚዩ ብጽቡቕን ሰፊሕን ዝተዘርግሐ ትሕተ ቅርጺ፣ ብዙሕ ቀረባት ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዘጣመረን ዝተፈላለየን ብዙሕ ምርጫ ዘለዎን ናይ ትምህርቲ ቀረባትን፣ እዚ ዞባ ንኩሎም ነበርቱ ጽቡቕ ባይታ ሂወት ይፈጥር።. ናይ ነጻ ጊዜን ናይ ዕረፍትን ቦታታት ከምኡ እውን ብ ማሕበራትን ኣቕረብትን ባህላዊ ሂወት ምክያድ ኣብ ዞባና ንምንባር ሰሓቢ ይገብርዎ። ልምድን ምሕዳስን ኣብዚ ነንሕድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ኢዮም።

ኩሉ ጊዜ ናይቶም ኣብዚ ዝነብሩ ሰባት ዓይነት ሂወት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከነትሕዞን ብቐጻልነት ከነማዕብሎም ንጽዕር ኢና።. እቲ ቤት ጽሕፈት ዞባን ኣቶም ካልኦት ብዙሓት ዘይቤትጽሕፈታውያንትካላት ስለዚ ብዘየካ ካልእ ብዝሕ ዝበሉ ናይ ሓበሬታን ናይ ምኽርታትን ቀረባትን ናይ ደገፍ ሓገዛትን ይህቡ ኢዮም። እዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ሓደ ሓፈሻዊ ስእሊ ናይ እዞም ቀረባት ይህበኩምን፣ ከምኡ ከኣኣብዚ ናይ ሓድሽ ሂወትኩም ከባቢ ብጽቡቕ ክትላለይዎን ደስ ኢሉኩም ክትነብሩን ይሕግዝ።



ነዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከቕርበልኩም ምኽኣለይ የሕጉሰኒ። ምኽኣል ቋንቋ ጀርመን ንምንቅሳቓስን ንሓቢርካ ምንባርን ኣብ ሃገር ጀርመን ግድነት ኣድላዪ ኢዩ። እንተኾና ግን ነቲ ቋንቋ ምልማድ ጊዜ ከምዘድሊ ይርድኣና ኢዩ። ስለዚ ነዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ እቶም ገና ኣብ ምጅማር ምልማድ ቋንቋ ጀርመን ዘለዉ ሰባት እውን ብዝኽእልዎ ቋንቋ ምቕራቡ ኣገዳሲ ኢዩ።

ነዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ብብዙሕ ደስታ ከተንብብዎን ኣብ ዞባና ብጽቡቕ ናብራኹም ከተበግሱን እምነየልኩም።




ናትኩም

ሮበርት ኒደርገዘስ

ኣመሓዳሪ ዞባ

# S U R S-Bahn, U-Bahn und Regionalzug im MVV

*Suburban train, underground and regional train in the MVV*



Bahn München DB · MVG · alex · Meridian · BOB · DB Regio Bayern · Südostbayernbahn DB

Partner im Münchner Verkehrs- und Tarifverbund MVV



Diese Broschüre liegt mehrsprachig in Deutsch, Englisch, Koratisch, Polnisch, Tigrinya, Persisch und Arabisch vor.

Herausgeber:

Landratsamt Ebersberg

Abteilung Jugend, Familie und Demografie, Team Demografie

Redaktion:

Leitung: Tanja Eckle

Korrektorat: Team Demografie

Quellen:

Bundesministerium des Innern/Bundesamt für Migration und Flüchtlinge: Willkommen in Deutschland. Informationen für Zuwanderer. 2014 Frankfurt a.M., 5., aktualisierte Auflage.

Einige der verwendeten Texte wurden uns freundlicherweise von den jeweiligen Stellen zur Verfügung gestellt.

Grafische Gestaltung & Post Production:
PrioDesign® – Marcus Pfeiffer

Druck:
K. Schmiedle Druck & Medien GmbH

*Alle Rechte vorbehalten.*

*Der Herausgeber erhebt keinen Anspruch auf Vollständigkeit.*

*Jegliche Vervielfältigung oder Nachdruck sowie Aufnahme in Onlinedienste darf nur nach Genehmigung der Redaktion vorgenommen werden.*

# ትሕዝቶ


ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ንክህልወኩም . . . 184

- Landratsamt Ebersberg
- ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት
- Team Asyl der Sozialhilfeverwaltung
- Kreisjugendamt Ebersberg (ቤት ጽሕፈት መንእሰያት)
- Migrationsberatung für erwachsene Zuwanderer – MBE Ebersberg Diakonisches Werk Rosenheim
- Jugendmigrationsdienst Ebersberg Diakonisches Werk Rosenheim
- Verein Ausländerhilfe e.V.

ቋንቋ ጀርመን . . . 190

- ምውህሃድ ትምህርቲ ን ሓደሽቲ መጻእቲ
- Integrationskurse

መንበሪ ቦታ . . . 194

- ምውሳድ ዜግነት
- Wohngeld
- ማሕበራዊ ገዛውትን ብመንግስቲ ደገፍ ዝግበረሎም መንበሪታትን

ምስራሕ . . . 200

- ምድላይ ቦታ ስራሕን መመልከትን
- Agentur für Arbeit
- Jobcenter
- Sozialhilfe
- Zentraler Sozialdienst (ZSD)

መጽናዕትን ቀጻሊ ትምህርትን . . . 206

- Die Bildungsregion
- ቤት ትምህርትታት
- Berufsintegrationsklassen
- ናይ መዓልቲ ናይ ቆልዑ መከናኸኒ
- ካልኣት ቀረባት - ትምህርቲ

ጥዕና . . . 212

- ህጹጽ ኩነታት
- ክሊኒክ ከባቢ ኣበርስበርግ
- ቤት መድሃኒታት
- Das Gesundheitsamt
- መንግስታዊ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ምኽሪ ነቑጣ ኣብ ዞባ ኣበርስበርግ ን ሕቶታት እዋን ጥንሲ
- Donum Vitae – ብመንግስቲ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ነፍሰ ጾራት ናይ ምኽሪ ነቑጣ
- ማሕበረ ስነ መንፈሳዊ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣበርስበርግ (SPDI)
- ፍሉይ ኣምቡላንስ ንናይ ወልፊ ሕማማት ናይ ማእከል ካሪታስ ኣበርስበርግ

ብሓባር ምንባር . . . 218

- ምውህሃድ ነጻ ጊዜ
- Fachstelle Ehrenamt im Landratsamt Ebersberg
- Kreisjugendring
- Das Spielkistl – ምልቃሕ ናውቲ መጻወቲ ካብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ኣበርስበርግ
- መደብ ጊዜ ዕረፍቲ
- ናይ ነጻ ጊዜ መሕለፊ ናይ ክፉት ኣካለ ስንኩላን ስራሕ ናይ AWO Kreisverbandes Ebersberg e.V
- ቤት መጻሕፍቲ



# ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ንኽህልወኩም

# ሓበሬታን ምኽርን

## ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ንክህልወኩም

ኣብ ዞባ አበርስበርግ ብዙሓት ናይ ምኽርን ሓበሬታን ቀረባት ንናብዚ ቦታ ገጾም ዝመጽኡ ሰባት ኣለዉ። ዘይመንግስታውያን ትካላት እውን፣ ከምኡ ከኣ ነጻ ዝኾኑ ናይ ምኽሪ ነቑጣታት ንናብዚ ከባቢ ዝመጽኡ ሰባት ምኽርታት የውፍዩ።

## ምኽርታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ

Landratsamt Ebersberg

ቤት ጽሕፈት ዞባ ብዘየካ ኻልአ ነዞም ዝስዕቡ ኣርአስትታት ዝምልከቱ ሓበሬታትን ምኽርታትን ይህብ ፣

- ፍቓድ መቐመጢ ፣  ምውሳድ ዜግነት ፣ ምምጻአ ቤተ ሰብ (Ausländerbehörde)
- ዑቕባ (Team Asyl)
- ጥዕና (Gesundheitsamt)
- ህጻናት፣ መንእሰያት፣ ስድራ ቤት (Jugendamt)
- ተኸአሎ ቁጠባዊ  ደገፋት (ንኣብነትSozialhilfeverwaltung)

እቲ ማእከል ናይ ቤት ጽሕፈት ዞባ ደስ እንዳበሎ ናብ ጉዳይኩም ዝምልከቶም ሰባት ከመሓላልፈኩም ይኽእል ኢዩ፣ ወይ ከኣ ንስኹም ነዚ ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ናይ ቤት ጽሕፈት ዞባ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

Landratsamt Ebersberg

Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg

Telefon: 08092 823

E-Mail: poststelle@lra-ebe.de

Internet: www.lra-ebe.de

Öffnungszeiten:

Montag, Dienstag, Mittwoch 7:30 - 17:00 Uhr

Donnerstag 7:30 - 18:00 Uhr

Freitag 7:30 - 12:30 Uhr

Bitte vereinbaren Sie einen Termin!

### ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት

ብመጀመርታ ክትውከስዎ ዘለኩም ቦታ ን ወጻአተኛታት ዜጋታት ብዝምልከት ቤት ጽሕፈት ወጻአተኛታት አበርስበርግ ኢዩ። ሓደሓደ ካብቶም ሓላፍነቱ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ፣

- ናይ መቐመጢ ፍቓዳት ንዝተፈላለዩ ናይ መቐመጢ ዕላማታት (ን ኣብነት ንትምህርቲ፣ ን ምርካብ ስራሕ ብ ሰብኣዊ ርህራሄ ወይ ስድራ ቤታዊ ምኽንያታት),
- ናይ ምስፋር ፍቓዳትን ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ቀዋሚ መቐመጢ ፍቓድንናይ ምንባር ፍቓዳትን፣ንሓዋሩ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ን ምስፋር፣ ንናይ ባህሊ መላሊዩ ኣስተምህሮታትን ን ምስ ቤት ሰብ ምጽንባርን
- Aufenthaltsgestattungen
- Duldungen
- መመልከቲ ንምርካብ ናይ ስራሕ ፍቓድ ን ሓተትቲ ዑቕባ sካልኦት ጉዳያት መቐመጢ ጠቀስ ሕጋውያን ንጥብታት ን ሓተቲ ዑቕባ ዝምልከቱ

ንዝተነጽጉ ሓተትቲ ዕቕባ  ምርካብ ፓስፖርት ወይ መተካእታ ፓስፖርት ወረቓቕትን። እቲ መሰል ደቂ ወጻኢ ኣብ መንጎ ወጻእተኛታት ዜጋታት ሕብረት ኤውሮጳን ዘይዜጋታት ሕብረት ኤውሮጳን ይፈላለ ኢዩ። ወጻአተኛታት ዜጋታት ሕብረት ኤውሮጳ ናይ መንበሪ ፍቓድ ምሕታት ኣየድልዮምን ኢዩ። ጀርመናውያን ዜጋታት እወን ን ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ክውከሱ ይኽእሉ ኢዮም፣ እንተደኣ ሓደ ወዲ ወጻኢ ዜጋ ንምብጻሕ (ሙብርሂ ሓላፍነት ምውሳድ) ወይ ከኣ ን ምጽንባር ስድራ ቤት ደሊዮም እሞ ነዚ ከኣ ቪዛ ዘድሊ እንተኾይኑን። ካልእ ተወሳኺ ሃበሬታታት ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

**Ausländeramt**
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823-0
E-Mail: auslaenderamt@lra-ebe.de
Internet: www.lra-ebe.de
Bitte vereinbaren Sie vorab immer einen Termin.

### Team Asyl der Sozialhilfeverwaltung

እቲ ጉጅለ ዕቕባ ብመሰረት Asylbewerberleistungsgesetz (AsylbLG) እቲ ደገፍ ዝግባእ ምዃኑ የጻሪ። ብፍላይ ኣብ ውሽጢ መስርሕ ጉዳይ ዑቕባ ናብ ዞባ አበርስበርግ ዝተመደቡ ሰባት አዚ ሓገዝ ንምርካብ መሰል ኣለዎም። ናይ መቐመጢ ፍቓድ ወይ ጊዜያዊ መቐመጢ የድልዮም። ቅድሚ ሓገዛት ብመሰረት ሕጊ ናይ ሓገዝ ን ሓተትቲ ዑቕባ ምርካብ ምኽኣልኩም፣ ነቲ ዘለኩም እቶትን ሃብትን ናትኩምን ናይ እቶም ምሳኹም ሓቢሮም ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ቤት ሰብኩምን ክትጥቀሙ ኣለኩም። ሕቶታት ምስ ዝህልውኹም ናብ ተወከሱ ፣

**Team Asyl**
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823-0
E-Mail: asyl@lra-ebe.de
Internet: www.lra-ebe.de

### Kreisjugendamt Ebersberg (ቤት ጽሕፈት መንእሰያት)

ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ አበርስበርግ ን ህጻናት፣ መንእሰያት፣ ስድራ ቤትን ኣተዓባብያን ንዝምልከቱ ጉዳያት ሕቶታትን ጸገማትን ሓገዝ የወፊ። ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ህጻናትን መንእሰያትን ብጽቡቕ ከነብሩ ይሰርሕ። ሕቶታት ምስ ዝህልውኹም ን ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ክትውክዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብፍላይ በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምኽርን ደገፍን ክትረኽቡ ትኽእሉ ፣

- ጸገማት ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ወይ ኣብ መንጎ ስድራ ቤት
- ጸገማት ኣብ ቤት ትምህርቲ
- ምፍልላይን ምፍታሕን ናይ ወለዲ
- ሕቶታት ኣተዓባብያ ውላድ
- ምክንኻን ህጻናት
- ሓለዋ ህጻናት

ኣብ ኩነታት ቅልውላዋትን ህጹጽ ኩነትትን ኣብ ውሽጢ ሓደ ስድራ ቤት ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ይተሓጋገዝ። ንሱ ዘካይዶም ተግባራት ንሓለዋ ቆልዑትን መንእሰያትን ተባሂሉ ኢዩ። ብዘይ ወለዲ ኣብዚ ዝነብሩ ትሕተ-ዕድመ መንእሰያት (ትሕቲ 18 ዓመት)፣ እውን ኣብዚ ደገፍ ይረኽቡ።

Kreisjugendamt
Ebersberg

Kreisjugendamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823-256
E-Mail: jugendamt@lra-ebe.de
Internet: www.kreisjugendamt.lra-ebe.de

## ምኽሪ ወጻኢ ካብ ቤት ጽሕፈት ዞባ

### Migrationsberatung für erwachsene Zuwanderer – MBE Ebersberg
### Diakonisches Werk Rosenheim

27 ዓመት ድሕሪ ምምላእ ንዝርከቡ ዓቕመ ኣዳም ወጻእተኛታት ናይ ሰፈራ ምኽሪ፣ እንተደኣ ንሓዋሩ ኣብ ጀርመን ክነብሩ ደሊዮም።እቲ ምኽሪ ንኩሎም ዜጋታትን ብነጻን ምስጢር ዝዕቅብን ኢዩ። ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ብዝምልከት ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ፣

- ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ሓገዝ
- ተቐባልነት ናይ ስራሕ ክእለትኩም
- ምብጽጻሕ ናብ ቤት ጽሕፈታትን ሕጋዊ ሕቶታትን
- ስድራ ቤት፣ ህጻናት
- ከምኡ እውን ኩሉም ካልኦት ኣርእስትታት ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ምንባር

እቲ ናይ ሰፈራ ምኽሪ ን ዓቕመ ኣዳም ምስ ትካላት ትምህርቲ ቋንቋ፣ ናይ ምኽሪ ነቑጣታትን ካልኦት ቤተ መንግስታዊ ትካላትን ተሓባቢሩ ይሰርሕ፣ ምእንቲ ብሓባር ሕቶኹም ንምብራህ ክከኣል።በጃኹም ቆጸራ ሓዙ።

Diakonie
Soziale Dienste
Oberbayern

Gefördert durch:
Bundesministerium
des Innern
aufgrund eines Beschlusses
des Deutschen Bundestages

Diakonisches Werk Rosenheim e.V.
Migrationsberatung Ebersberg
Flossmannstraße 2, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 23210-26
E-Mail: migrationsberatung-ebe@sd-obb.de

### Jugendmigrationsdienst Ebersberg

### Diakonisches Werk Rosenheim

ንናብዚ ሃገር ዝመጽኡ ኣብ መንጎ 12ን 27ን ዕድመ ዝርከቡ ሰባት፣ ናይ መንእሰያት ሰፈራ ኣገልጎሎት ደገፍን ምኽርን ይህብ። ድሮ ንነዊሕ ዓመታታብ ሃገር ጀርመን ንዝነብሩ መንእሰያት እውን ብትምህርቲ ዝምልከቱ  ኩሎም ሕቶታት፣ ትምህርቲ ሞያ፣ ስራሕ ሞያ ትምህርቲ ቋንቋን ካልኦት ኣርእስትታትን ብነጻ ምኽሪ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።

Diakonisches Werk Rosenheim e.V.
Jugendmigrationsdienst Ebersberg
Floßmannstraße 2, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 23210-28
E-Mail: jmd@diakonie-rosenheim.de

### Verein Ausländerhilfe e.V.

ማህበር ሓገዝ ንወጻእተኛታት ምማ ብፍላይ ብዛዕባ ምእላይ ወጻእተኛታት ህጻናትን መንእሰያትን ይግደስ።ናይ በብሓደ ወይ ብጉጅለ ስርሓት ፣ ሓገዝ ዕዮ ገዛን ትምህርታዊ መሕለፊ ነጻ ጊዜ ቀረባትና ይህብ። እቲ ዕላማ ናይ እቶም ህጻናትን መንእሰያትን ዕድል ንምምሕያሽ ኢዩ። ብዘየካ እዚ እቲ ማሕበር ኣም ምፍታሕ ጸገማት ቋንቋን፣ ኣብ ምስናይ ናብ ቤት ጽሕፈታት መንግስትን ምእታው ምልክታታትን ይድግፍ። ሓደ ናይ ዓመት ናይ ኣባል ውጽኢት ብምኽፋል ኣባል ክትኮኑን ኣብቲ ማሕበር ክትዋስኡን ትኽእሉ።




Verein Ausländerhilfe e.V.
Von-Feury-Straße 10, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 20888
E-Mail: interkulturelle_kommunikation@web.de



# ብጽቡቕ ምልላይ

# ቋንቋ ጀርመን

### ... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...

ኣብ ጀርመን ጽሑፋት ሰነዳት ኣዚዮም ኣገደስቲ ኢዮም። ብፍላይ ስራሕ ኣብ እትደልይሉ እዋን፣ ናይ ቛንቛ ጀርመን ክእለትኩም ብሰርቲፊኬት ከተረጋግጹ ምኽኣል ጽቡቕ ኣብነት ኢዩ።

ኣብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ቆጸራ ክትሕዙ ከለኹም እወን ገለ ዶኩመንትታት የድልይኹም ኢዮም። ብዝበለጸ ቅድሚ እቲ ቆጸራ ኣየኖት ዶኩመንትታት ከምዘድልይኹም ሕተቱ። ዘትርድእዎ ደብዳቤ መጺኡኩም?

ነቲ ደብዳቤ ሱቕ ኢልኩም ኣይተቐምጥዎ። ቛንቛ ጀርመን ንዝኽእል ሰብ ክሕግዘኩም ሕተትዎ።

## ብጽቡቕ ምልላይ

### ቛንቛ ጀርመን

ኣብ ጀርመን ጽቡቕ መነባብሮ ምእንቲ ክህልወኩም፣ ቛንቛ ጀርመን ምምሃር ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ።ን ዕዉት ዝኾነ ሓቢርካ ምንባር እምነ ሰረት ኢዩ። ብቑዕ ክእለት ቛንቛ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ፣ መውዓሊ ህጻናት፣ ቤት ትምህርትን ኣብ ስራሕን ብግቡእ ንክትካየድ ይሕግዝ። ብቐልጡፍ ምስ ካልኦት ሰባት ክትላለዩን ክትቀራረቡን የኽእለኩም። ቛንቛ ጀርመንን ከምኡ ከኣ ናትኩም ቛንቛ ክትዛረቡን ክትርድኡን ትኽእሉ ኮይንኩም፣ ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ፍልጠት ሃብቲ ኣለኩም ማለት ኢዩ። ብዙሓት ቛንቛታት ምኽኣል ኣብ ስራሕ እውን ጠቓሚ ኢዩ።



### ምውህሃድ ትምህርቲ ን ሓደሽቲ መጻእቲ

ካብ እቲ ናይ ትምህርቲ ምውህሃድ ን ሓደሽቲ መጻእቲ፣ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኩሎም ኣርእስትታት ን ትምህርቲ፣ መዋእለ ህጻናት፣ ብዛዕባ ትምህርቲ ንህጻናትን መንእሰያትን ከምኡ እውን ትምህርቲ ቋንቋ ን ዓበይቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።ብዘየካ እዚ ኣብኡ ኣገድስቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ን ምውሳን ክእለት ስራሕኩም ዝምልከተን ቦታታትን ስራሕ-ሓዘል ተወሳኺ ተምህርትን  ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**Bildung und IT**
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstr. 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823124
E-Mail:poststelle@lra-ebe.de




### Integrationskurse

ኣብ ኣስተምህሮታት ምልላይ ቋንቋን ባህልን ምስ ባህሊ ቋንቋ ጀርመን ትመሃሩን ብዛዕባ ሂወት ኣብ ሃገር ጀርመን ሓበሬታታት ትረኽቡ። ካበይ ሃገር ኢኹም መጺእኩም? ክንደይ እዋን ኣብ ጀርመን ክትጸንሑ ኢኹም? ነቲ ኣስተምህሮ ምልላይ ቋንቋን ባህልን ንክትሳተፉን መን ከምዝኸፍለልኩምን እዞም ሕቶታት ይውስንዎ። ኣብ መጨረሻ እቲ ኣስተምህሮ ሓደ ፈተና ክወሃበኩም ኢዩ። ነቲ ፈተና እንተ ሓሊፍኩምዎ፣ ሓደ ሰርቲፊኬት ክወሃበኩም ኢዩ። እንተደኣ ኣስተምህሮ ክወሃበኩም ደሊኹም፣ ኣቐዲምኩም ሓደ ፈተና ክትገብሩን ክትምዝገቡን ኣለኩም።  እዚ ንኣብነት ኣብዚ ዝስዕብ ከተካይድዎ ትኽእሉ፣

**vhs Geschäftsstelle Ebersberg**
Dr.-Wintrich-Straße 3, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 81950
E-Mail: info@vhs-grafing.de

**wissen-bildung & beruf gmbh**
Pfarrer-Grabmeier-Allee 1
85560 Ebersberg
Telefon: 08092 3009853



ብጽቡቕ ምልላይ

# መንበረ በታ

... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...

ኣብቲ ናይ ክራይ ኮንትራት መጠን ናይ እቲ ወርሓዊ ክራይ ተመዝጊቡ ኣሎ። ብተወሳኺ ካልእ ወጻኢታት ን መውዓዪ፣ ማይን መጕሓፍን ኣሎ።

ጕሓፍ ክፈላለ ኣለዎ። ጕሓፍ ገዛ ካብ ጕሓፍ ተፈጥሮ (ባዕሉ ዝምሽምሽ ተረፍ መረፍ ምኽሻን)፣ ወረቐት&ካርቶን፣ ጥርሙዝን ፍሉይ ጕሓፍን ( ባተሪታት...) ክፈላለ ኣለዎ። ኣብ ከባቢ ኹም ከም ልሙድ መአከቢ ቦታታት ናይ ወረቐትን ጥርሙዝን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ጕሓፍ ገዛን ተፈጥሮ ጕሓፍን ብጎሓፍቲ ኣብ ውሱናት መዓልትታት ይእከቡ። ን ፍሉይ ጕሓፍ ፍሉይ መአከቢ ቦታታት ኣለዉ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታታት ካብ ዞባኹም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መንጎ ሰዓት 10 ናይ ምሸትን ሰዓት 6 ናይ ንጉሆን ጸጥታ ለይቲ ይሕሎ። ኣብ እዞም ሰዓታት እዚኦም ን ጎረባብትኹም ኣብ ግምት ከተእትውዎም ኣለኩም፣ ስለዚ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ዓውክትብሉ የብልኩምን ( ን ኣብነት ዓው ኣቢልካ ሙዚቃ ምስማዕ፣ መፍሓሪ ማሺን ምጥዋም፣ ኣቕሑት ገዛ ናብዝን ናብትን ምባል ......)።

## መንበሪ ቦታ

ኣብ ዞባ አበርስበርግ ቁሩባት መንበሪ ቦታታት ወይ ገዛውቲ ጥራሕ ኢዮም ዘለዉ። ስለዚ ቅልጡፍኩም መንበሪ ቦታ ወይ ገዛ ክትደልዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ባዕልኻ ገዛ ወይ መንበሪ ቦታ ምድላይ ልሙድ ኢዩ። ነዚ ንምክያድ ብዙኽ ተኽእሎታት ኣሎ:

- ኣብ ኢንተርነት ናይ ገዛ ምክራይ ምልክታታት
- ኣብ ጋዜጣታትን ናይ ከባቢ መጽሔታትን ዝወጽኡ ሓበሬታታት ክራይ ገዛ
- ብእትፈልጥዎም ሰባት: ምናልባት መሳርሕትኹም ወይ የዕርኽቱኹም ገዛ ዘካሪ ሰብ ክፈልጡ ይኽእሉ

ከም ልሙድ ናብቲ ኣካራዪ ብቐጻራ ኬድካ ነቲ ገዛ ክራይ ክትርእዮ ይግበር። ብዛዕባ እቶትኩም ወይ ከኣ ዝርዝር ናይ ኣታውን ወጻእን (ርእሰ ሓበሬታ) ከተቕርቡ ክትክእሉ ኣለኩም። ብከምዚ እቲ ኣካራዪ ነንዊሕ እዋን ክራይ ገዛ ናይ ምኽፋል ዕቕሚ ከም ዘለኩም ከረጋግጽ ይኽእል። ገዛ ረኺብኩም እሞ ከኣ ኮንትራት ፈሪምኩም? እምበኣርከስ ድሕሪ እዚ እቲ መንበሪኹም ኣብ ዞባኹም ከተመዝግብዎ ኣለኩም። ድሕሪ ገዛ ምቕያርኩም፣ ናብቲ ናይቲ ዞባ መዝጋቢ ቤት ጽሕፈት(ማዘጋጃ ቤት) ክትከዱ ኣለኩም።ናብኡ ክትከዱ ከለኹም እቲ ናይ ክራጽ ኮንትራትን ፓስፖርትኹምን ወይ መንነት ወርቐትኹም ሒዝኩም ክትከዱ ኣለኩም።
እንተደኣ ገዛ ዘይረኺብኩም ወይ መዕቐቢ ዘይብልኩም፣ ናብቲ ታኩም ዞባ ከይድኩም ተዘራረቡ።

## ምውሳድ ዜግነት

Sኣብ ጀርመን ንኩሉ ጊዜ ክትቕመጡን ጀርመናዊ ዜጋ ክትኮኑን ትምነዩ ዶ? ኣብ ሃገር ጀርመን ናይ ጀርመን ዜግነት ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ምምርካብ ከተማልእዎም ዘለውኹም ቅድመ ኩነታት ኣለዉ። ንሳቶም ብዘየካ ካልእ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም:

- ስሩዕን ሕጋውን ምቕማጥ ኣብ ሃገር ጀርመን እንተወሓደ ካብ ሸሞንተ ዓመት ንላዕሊ
- እኹል እቶት መነባበሪ
- እኹል ክእለት ቋንቋ
- ምሕላፍ ፈተና ምውሳድ ዜግነት.

ጀርመናዊ ዜግነት ክትሕዙ ምስ እትውስኑ፣ እቲ ክሳብ ሕጂ ሒዝኩምዎ ዝጸናሕኩም ዜግነት ክትገድፍዎ ኣለኩም። በዚ ኣቢሉ ምስ ሃገርኩም ዝተሓሓዘ መሰላት ከተጥፍእዎ ኢኹም ማለት ኢዩ። ኣብ ክንድኡ ግን ኣብ ጀርመን ዝያዳ መሰላት ትረኽቡ ማለት ኢዩ፣ ን ኣብነት ናይ ምምራጽ መሰል፣ ዝደለኹምዎ ስራሕ ምርካብን ኣብ ደስ ዝበለኩም ቦታ ምንባርን። ነቲ ምውሳድ ዜግነት ዝኸውን መመልከቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ምርካብ ዜግነት ዝምልከት ወጻኢ ገንዘብ እወን ኣሎ። ነቲ ወጻኢታትን ነቲ ቅድመት ኩነታትን ዝምልከት ሓበሬታታት ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ፈስታ ን ወሰድቲ ዜግነት

ኣብ ዞባ አበርስበርግ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኣብ ሐሓደ ወይ ክክልት ዓመት ንሓደሽቲ ወሰድቲ ዜግነት ፈስታ የዳሉ ኢዩ። ናብዚ ምብዓል ከኣ ኣመሓዳሪ ዞባ ንኩሎም ሓደሽቲ ዜጋታት ሃገር በብሓደ ይዕድሞም።



## ናይ ደገፍ ኣኽእሎ

ን እኹል ገንዘብ ዘይብሎም ሰባት፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኣበርስበርግ ደገፍ ክወሃብ ይከኣል ኢዩ።.

### Wohngeld

እንተዳ ክራይ ገዛ ንምኽፋል ዓቢይ ጸገም ኣለኩም፣ ገንዘብ ገዛ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኣብ ልዕሊ ናይ ክራይ ወጻኢኹም ዝወሃብ ወሰኽ ኢዩ። ወይ ከኣ ነቶም ገዛ ወይ መንበሪ እንተዓዲግኩም ዝስዕብ ወጻኢ። እቲ ናይ ገዛ ገንዘብ መመልከቲ ኣብ ምምሕዳር ከባዲ ወይ ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ከተቕርብዎ ትኽእሉ። ኩሉ ሰብ ሓገ ገንዘብ ገዛ ይረክብ ማለት ኣይኮነን። ገንዘብ ገዛ ምርካብምኩምን ዘይምርካብኩምን፣ ብሓደ ወገን በዚ ዝስዕብ ይውሰን፣

- ቁጽሪ ናይ እቶም ኣብ መንበሪኹም ዝነብሩ ሰባት
- ብድምር ንስኹምን እቶም ሓቢሮም ምሳኹም ዝነብሩ ሰባትን ክንደይ ገንዘብ ከምእተእትዉ
- እቲ ክራይ ወይ እቲ ተወሳኺ ወጻኢ ክንደይ ምዃኑ።

**Wohngeldstelle**
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Außenstelle Eichthalstraße 10, Untergeschoss
Telefon: 08092 823-0
E-Mail: poststelle@lra-ebe.de

### ማሕበራዊ ገዛውትን ብመንግስቲ ደገፍ ዝግበረሎም መንበሪታትን

እቶትኩም ትሑት እንተኾይኑን ናይ ነዊሕ እዋን ናይ መቐመጢ ፍቓድ እንተሃሊዩኩምን፣ ሓደ ማሕበራዊ ገዛ ንምርካብ ተመዝጊብኩም ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ዓይነት ገዛ ንምርካብ ይግብብኣኩም ምዃኑ (ሰርቲፊኬት) ንምጽራይ ዝኽፈል ገንዘብ ኣሎ። ብዙሓት ኣብዚ ዞባ ዝነብሩ ሰባት ሓደ ማሕበራዊ ገዛ የድልዮም ኢዩ። ስለዚ ክሳብ ሓደ ገዛ ተረኺቡ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ዝንገረኩም ነዊሕ እዋን ክትጽበዩ ኣለኩም። እቲ መመልከቲ ናይ ገዛ ካብ ማዘጋጃ ቤት ናይ ከባቢኹም ትረኽብዎ። ሕቶታት ምስ ዝህልውኹም ን ቤት ጽሕፈት ዞባ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

**Sozialwohnungen für Geringverdiener (1. Förderweg)**
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Außenstelle Eichthalstraße 10, Untergeschoss
Telefon: 08092 823281
E-Mail: sozialwohnungen@lra-ebe.de



ብመንግስቲ ወሰኸ ክፍሊት ዝግበረሎም ገዛውቲ እውን ኣለዉ። ነዞም ገዛቲ ንምርካብ ኣብ  መጠን እቶትኩም ዝተመስረተ ኢዩ። ነዘኦም ገዛውቲ ንምርካብ እውን ናይ ገዛ ምርካብ ሰርቲፊኬት ክትሓቱ ኣለኩም። ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ን እቶም ዘድልዩ ቅድመ ኩነታት ካብ ቤት ጽሕፈት ዞባ   ኣበረስበርግ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።


Staatlich bzw. einkommensorientierte geförderte Wohnungen
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823163
E-Mail: poststelle@lra-ebe.de

ኣቲ ዝዓበየ ኣካራዪ ገዛውቲ ኣብ ዞባና እዚ ዝስዕብ ትካል ኢዩ ፣

Mitglied der Wohnungswirtschaft Bayern

Wohnungsgenossenschaft Ebersberg eG
Augustinerstraße 4a, 85560 Ebersberg
Tel.: 08092 86930
E-Mail: wohnen@gwg-ebe.de

ነቲ ናይ ገዛ ምርካብ ሰርቲፊኬት ሒዝኩም ናብኡ ብምኻድ ገዛ ንምርካብ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ናይ ምጽባይ ሊስታ ከኣ ትምዝገቡ። ሓደ ዝሰማማዕ ገዛ ነጻ ምስ ዝኸውን፣ ሓበሬታ ይልኣኸልኩም። ካብቲ ዘሎ ቁጽሪ ገዛውቲ፣ እቲ ቁጽሪ ደልይቲ ገዛ ኣዚዩ ስለዝበዝሕ፣ ነዊሕ ናይ ምጽባይ እዋን ከምዘሎ ኣብ ግምት ከተእትውዎ ኣለኩም። ካልኦት ትካላት ብመንግስቲ ወሰኽ ክፍሊት ዝግበረሎም ገዛውቲ የካርያ ኢየን። ነዚ ብዝምልከት ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኣበርስበርግ  ኣብ ቦታ “ማሕበራዊ መንበሪታት ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።





ብጽቡቕ ምልላይ


# ფეყაბ

## ምስራሕ

ናይ ስራሕ ቦታ ምርካብ ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ምእንቲ ኣብዚ ብጽቡቕ ምንባር ክትክእሉ። ኣብኡ ካልኦት ሰባት ክትላለዩ ትኽእሉ።ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለትኩም ተመሓይሹን ወርሓዊ ደሞዝ ከኣ ትረኽቡ። ከከም ትውልዲ ሃገርኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ ከድልየኩም ኢዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ሓበሬታ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምድላይ ቦታ ስራሕን መመልከትን

ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ ናይ ኢንተርነት ናይ ስራሕ ቦታ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጋዜጣታት እውን ክፉታት ናይ ስራሕ ቦታታት ይወጽኡ ኢዮም። ኣብ ናይቶም ኣብዚ ዞባ ዘለዉ ትካላት ናይ ኢንተርነት ገጻት እውን ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።ኣብኡ ነጻ ናይ ስራሕ ቦታታት ይሕበር ኢዩ። ዝሰማማዓኩም ናይ ስራሕ ቦታ እንተረኺብኩም፣ ብደብዳቤ ወይ ከኣ ኦንላይን መመልከቲ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም።ኣቒድምካ ምስቶም ትካላት ብኣካል ምልላይ እውን ጽቡቕ ኢዩ።



... ክትፈልጡዎ ዘለኩም ...

መመልከቲ ብሓፈሽኡ እዞም ዝስዕቡ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ:

- ሓደ ጽሑፍ (ደብዳቤ)
- ታሪኽ ሂወት (ከም ሰንጠረዥ ወይ ተራ ጽሑፍ) ምስ ሓደ ናይ መመልከቲ ስእሊን ፌርማን
- ናብ ቋንቋ ጀርመን ዝተተርጎሙ መረጋገጺ ዘለዎም ምስክር ወረቐታት፣ ሰርቲፊኬታት፣ ናይ ስራሕ ተመክሮ ደብዳቤታት።

## Agentur für Arbeit

ወኪል ስራሕ ኣብ ስራሕ ምርካብ ክተሓባበር ይኽእል። እቲ ዝወሃብ ሓገዛት በጻ ኢዩ። እተደኣ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ኮይንኩም፣ ነቲ ናይ ምኽርን ናይ ምድላይን ቀረባት ክትጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ዜጋ ናይ ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፣ ናይ ኤሮጳዊ ቁጠባ ዞባ ወይ ከኣ ስዊዘርላንድ ኮይንኩም፣ ወይ ከኣ
- ካብ ሳልሳይ ሃገር ብ ቪዛ ናብዚ ኣቲኹም ኮይንኩም
- ሓደ ኣብ ሃገር ጀርመን ንክትሰርሑ ዘፍቅድ ናይ መቐመጢ ወረቐት ሃሊዩኩም፣
- ኣብ መስርሕ ጉዳይ ዑቕባ ትርከቡ እንተሃሊኹምን እንተወሓደ ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ኣብ ፈደራላዊ መሬት ንምጽናሕ ምሉእ ወይ ጊዜያዊ ፍቓድ ኣለኩም። ኣብ ምንዳይ ስራሕ ሃገዝ ክትረኽቡ እትኽእሉ እንተደኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ዝተዋህበ ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣለኩም ጥራሕ ኢዩ።

ብውሑዱ ሓበሬታም ምኽርን ብዛዕባ ነዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ዝምልከቱ ሕቶታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ናይ ስራሕ ቦታን ናይ ሞያ ትምህርቲ ቦታን ምርጫ ምንዳይ ቦታ ስራሕ፣ መድለይ ስራሕ ጽሑፍን ኣቀራርባ ኣብ ቅድሚ ወሃቢ ስራሕን
- ኩነታትን ምዕባሌታትን ኣብ ዕዳጋ ስራሕን ዓይነታት ስራሕን
- ተቐባልነት ናይ ስራሕ ክእለትኩምን  ናይ ሞያ ክእለት ምድላብን
- ውልቃዊ ምስ ወሃብቲ ስራሕ ናይ ምርኻብ ኣኽእሎ፤
- ሓገዛት ምስ እቶት ስራሕ ዝተሓሓዙ።

እቲ ምኽርን ደገፍን ብነጻ ኢዩ።

Bundesagentur für Arbeit
Agentur für Arbeit Ebersberg

**Agentur für Arbeit Ebersberg**
Kolpingstraße 1, 85560 Ebersberg
Telefon: 0800 4 5555 00 (gebührenfrei)
E-Mail: ebersberg@arbeitsagentur.de
Internet: www.arbeitsagentur.de/freising

**... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...**

እንተ ካብ ስራሕ ወጺእኩም ወይ ጊዜያዊ ናይ ስራሕ ኮንትራትኩም ተወዲኡ፣ እንተወሓደ ሰለስተ ወርሒ ቅድሚ ስራሕ ደው ምባልኩም ን ወኪል ስራሕ ክትሕብርዎ ኣለኩም።

## Jobcenter

ማእከል ስራሕ ንተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት ኣብ ስራሕ ምድላይ ይተሓባበሮም። ንሳቶም ክስርሑ ይፍቀደሎም፣ ምልምማድ ስራሕ ከካይዱ ይኽእሉ፣ ወይ ከኣ ሞያዊ ትምህርቲ ክጅምሩ ይኽእሉ።ንሳቶም ካብ Bundesamt für Migration und Flüchtlinge (BAMF) ኣወንታዊ መልሲ ዝረኸቡ ኢዮም። በዚ ምኽንያት ቀዋሚ መቐመጢ ፍቓድ ረኺቦም ኢዮም። እንተኾነ ግን ክስትውዓል ዘለዎ፣ ኣብ ገለ ኩነታት እቲ ናይ መቐመጢ ፍቓድ ንውሱን ጊዜ ጥራሕ ኢዩ ዘገልግል። እቲ ናይ ምንዋሕ መመልከቲ ኣብዚ ኩነታት ብኣጋ ኣቕዲምኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከተቕርብዎ ኣለኩም። ሓደ ቅድመ ኩነት ን ካብ ማእከል ስራሕ ሓገዝ ንምርካብ እቶት ዘይብልኩም ወይ ከኣ ኣዚዩ ትሑት እቶትን ሃብትን ጥራሕ ክህልወኩም ከሎ ኢዩ።  ነፍሲ ወከፍ መመልከቲ በብሓደ ይምርመር፣ እንተደኣ እቲ ናይ ቁጠባ ደገፍ ካብ ማእከል ስራሕ ዝከኣል ኮይኑ።

ብዘየካ መናበሪ ገንዘብ ( ገንዘብ ስራሕ ኣልቦ ll፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ን መንበሪ)  ማእከል ስራሕ ብፍላይ እዞም ዝስዕቡ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎታት ይህብ፣ -  ምርካብ ቦታ ስራሕ፣

- ናይ ምዕላም ስጉምትታት (ን ኣብነት ስልቲ መመልከቲ ስራሕ፣ ምስ ስራሕ ዝሓሓዝ ቋንቋ፣
- ብቕዓት ዕቕሚ  ስራሕ, ምስናይ ትምህርቲ ሞያ፣ልምምድ ኣብ ወሃብቲ ስራሕ፣)
- ወሰኽ ገንዘብ ንወሃብቲ ስራሕ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ማሕበራዊ ኢንሹራንስ ዝሓዘለ ኮንትራት ስራሕ፣
- ደገፍ ኣብ ናይ ተቐባልነት ናይ ወጻኢ ሃገር ምስክር ትምህርቲ።

Jobcenter Ebersberg
Kolpingstraße 1, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 825693
Telefonische Erreichbarkeit:
Montags bis freitags 8 bis 18 Uhr.
E-Mail: jobcenter-ebersberg@jobcenter-ge.de



## Sozialhilfe

ማሕበራዊ ረድኤት ካብ መንግስቲ ዝወሃብ ቁጠባዊ ደገፍ ሓገዝ ኢዩ። ኣብ ፍሉያት ቅድመ ኩነታት ኩሎም ዜጋታት ክወሃቦም ይኽእል። ሓደ ቅድመ ኩነት፣ እቶት ዘየብልኩም ወይ ክኣ ትሑት እቶት ወይ ሃብቲ ጥራሕ እንተሃሊይኩም ኢዩ። ነፍስ ወከፍ ጉዳይ እንተደኣ ቁጠባዊ ሓገዝ ክወሃቦ ዘድሊ ኮይኑ ኣቐዲሙ ክጻረ ኣለዎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይ ማሕበራዊ ረድኤት ሓገዝ መመልከቲ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ኣብ ማእከል ስራሕ፣ እንተደኣ ክትሰርሑ ትኽእሉን ጌና ኣብ ናይ ጡረታ ዕደመ ዘይበጻሕኩምን ኮይንኩም ( ከም ልሙድ ካብ 65 ዓመት ንላዕሊ) ኮይንኩም።
- ኣብ ናይ እትነብርሉ ከተማ ወይ ከባቢ ምምሕዳር (ማዘጋጃ ቤት)፣ እንተደኣ ኣብ ናይ ጡረታ ዕድመ ወይ ንሓዋሩ ክትሰርሑ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም። ምምሕዳር ማሕበራዊ ረድኤት (ማህበራዊ ቤት ጽሕፈት)  ናይ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኣበርስበርግ ብድሕሪ እዚ ውሳኔ ናይ መመልከቲኹም ይህብ።

Sozialhilfeverwaltung im
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823 0
E-Mail: poststelle@lra-ebe.de

## Zentraler Sozialdienst (ZSD)

ናብቲ ማእከል ማሕበራዊ ኣገልግሎትክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተደኣ ቁጠባዊ ደገፍ ካብ ማእከል ስራሕ (ገንዘብ ስራሕ ኣልቦ II, መሰረታዊ እቶት ኣብ ጊዜ ሽምግልና ወይ ብጉድለት ዓቕሚ ምስራሕ) ወይ ከኣ ደገፋት ካብ ማሕበራዊ ረድኤት ትረኽቡ ኮይንኩም። ኣብ ጽንኩር ኩነታት ሂወት ከምዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዓይነት ሓገዛት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ጽንኩር ኩነታት ወይ ከቢድ ኩነታት ናብራ፣
- እዋናዊ ቅልውላዋት,
- ርክብ ምስ ቤት ጽሕፈታት መንግስቲ,
- ሕቶታት ማሕበራዊ መሰል።

ብነጻን ምስ ምዕቃብ ምስጢርን ምኽሪ ክትረኽቡ ኢኹም።

Zentraler Sozialdienst
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823 0
E-Mail: zentraler-sozialdienst@lra-ebe.de



# ቢጽቡቕ ምልላይ

# ኒቲጋቡሉቲ

# ሃጸቃ ኒቲቆኒጸመ

### ... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...

ኣብ ሃገር ጀርመን ክልተኣዊ ትምህርቲ ሞያ ኣሎ። ንሱ ክልሰ ሓሳብን ግብርን ዘጣመረ ኢዩ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሞያ ኣስተምህሮ ይወሃበኩም፣ ኣብ ሓደ ትካል ከኣ ትሰርሑ። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ተመሃራይ ሞያ ኢኹም፣ ብቋንቋ ጀርመን ሓጺር መጻውዒኡ - ኣዙቢ- ይበሃል። ቤት ትምህርቲ ሞያ ንምእታው፣ ቅድሚኡ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ተማሂርኩም ክትኮኑ ኣገዳሲ ኢዩ። ብፍላይ ዓይነት ትምህርቲ ጀርመንን ሕሳብን ኣድለይቲ ኢዮም። ሞያዊ ትምህርቲ ክትጅምሩ እትኽእሉሉ፣ ንስኹም

- እንተወሓደ 9 ዓመት ኣብ ሃገር ጀርመን ተማሂርኩም እንተኾይንኩም፣
- ወይ ከኣ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ምስ 9 ዓመት ትምህርቲ ናይ ጀርመን ዝመዛዘን እንተሃሊዩኩም

ንገሊኡ ናይ ሞያ ስራሕ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ዝወዳእኩም ክትኮኑ ኣለኩም። ድሕሪ 2 ክሳብ 3,5 ዓመታት እቲ ትምህርቲ ሞያ ይፍጸም። ድሕሪ ዕዉት ምፍጻም ትምህርቲ ሞያ፣ ክኢላ ሞያ ትበሃሉ። ከም ልሙድ ከኣ ሓደ ክኢላ ሞያ ካብ ትምህርቲ ሞያ ዘይብሉ ተሓጋጋዚ ሰራሕተኛ ዝያዳ ደሞዝ ይረክብ። ካብ 300 ንላዕሊ ዓይነታት ትምህርቲ ሞያ ኣለዉ፣ ን ኣብነት ከም ኣሻያጢ፣ ከሻኒ፣ ጸራቢ ዕንጨይቲ፣ ኣላዪ ኣረግቶት ወይ ሕሙማት። ...

## መጽናዕትን ቀጻሊ ትምህርትን

### Die Bildungsregion

ኣብ ዞባ አበርስበርግ ብዙሓት ኣኽእሎታት ን ሂወት ሙሉእ ምጽናዕ ኣለውኹም። ትምህርትን ምጽናዕን ድሕሪ ምውዳእ ልሙድ ትምህርቲ እውን ዝቕጽሉ ኢዮም። ካብ 2015 ኣትሒዙ ዞባ አበርስበርግ ብቑዕ „Bildungsregion in Bayern " ኢዩ. እዚ ማለት፣ ብልክዕ ዝሰማምዑ ቀረባት ትምህርቲ ን ነፍስ ወከፍ ሰብ ብሓባር ብቐጻሊ ክሕንጸጹ ምኽኣል ማለት ኢዩ። ክኢላ ነቑጣ ምሕደራ ትምህርቲ ማእከላይ ኣወሃሃዲ ጉዳያት ትምህርቲ ኣብ ዞባ አበርስበርግ ኢዩ። ኣብ ኢንተርነት ኣብ „Bildungsportal" ብዛዕባ ኣርእስትታት ትምህርቲ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ን ኣብነት ሓበሬታታት ብዛዕባ፣

- ቤት ትምህርትታትን ትካላት ትምህርትን
- ቀረባት ን ቀጻሊ ትምህርትታት ምኽርን ሓገዝን ን ሓፈሻዊ ሕቶታት ትምህርትን
- ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ነዓኹም ዘገድስኹም ኮርሳትን ቀረባትን ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቲ ናይ ኢንተርነት ገጽ ክትርጎመልኩም ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ „ትርጉም / Übersetzung"ዝብል ኣብ መጨረሻ ናይቲ ገጽ ጽቕጥዎ፣ ኣብኡ ከኣ ናትኩም ቋንቋ ምረጹ።

Bildungsregion
Landkreis
Ebersberg

Bildung und IT Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823-0
E-Mail: bildungsregion@lra-ebe.de
Internet: www.bildungsregion-ebersberg.de

## ቤት ትምህርትታት

ኣብ መንጎ 6ን 18ን ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ግድነት ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም። ግድነት ቤት ትምህርቲ ክከታተሉ ኣለዎም። ኣብ ባየርን ዝተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ ኣሎ። ህጻናት ኣብ መንጎ 6ን 10ን ዕድመ ከም ልሙድ መባእታዊ ትምህርቲ ይኸዱ (1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ)። ብድሕሪ እዚ ናብ ሓደ መቐጻሊ ትምህርቲ ቤት ክኸዱ ይኽእሉ። እዚኣቶም እዞም ዝስዕቡ ኢዮም :

- Mittelschule
- Realschule
- Gymnasium.

እቶም ህጻናት ኣብቶም ናይ መቐጻልሊ ትምህርቲ ቤታት ብዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲይጭርሱ. ነዚ ብምፍጻም ከኣ:

- ሓደ ሞያዊ ትምህርቲ-ስራሕ  ወይ ሓደ ሞያዊ ትምህርቲ ክጅምሩ ይኽእሉ
- ወይ ከኣ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ኮለጅ ክመሃሩ ይኽእሉ።

ከምኡ እውን ፍሉያት ማእከል ትምህርትታት ዘካይዱ ኣለዉ። ኣብዚኦም ኣካላዊ፣ መንፈሳዊ ወይ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎም ህጻናትን መንእሰያትን ፍሉይ ምክንኻን ዘለዎ ትምህርቲ ይረኽቡ። ከምኡ እውን ናብ ሃደ ኣብቶም ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ቤት ትምህርትታት ክኸዱ ይኽእሉ። ኣብኡ ሓገዝ ክግበረሎም ይኽእል። ዝርዝር ናይ ኣብ እዚ ዞባ ዘለዉ ቤት ትምህርትታት ብ ናይ ኢንተርነአት ገጽ ናይ ትምህርቲ ከባቢ ኣበርስበርግ ክትረኽብዎም ትኽእሉ፣

www.bildungsregion-ebersberg.de/
Lernorte-Anbieter/SchulenimLandkreis.aspx

## Berufsintegrationsklassen

ንክሰርሑ ንዝግደዱ ናዚ ሃገር ዝመጽኡ ሰባት ፍሉይ ደገፋት ናይ ስራሕ መላለዪ ኣስተምህሮታት (BIK)  ዝዓለመ ምቅርራብ ስራሕ ምስ ዝያዳ ትምህርቲ ቋንቋን ምክትታልይ ክረኽቡ ይኽእሉ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኣበርስበርግ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

Bildung und IT
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823-0
E-Mail: bildungsregion@lra-ebe.de

## ናይ መዓልቲ ናይ ቆልዑ መከናኸኒ

ኣብ ዞባ ኣበስበርግ ዝተፈላለዩ ቀረባት ን ምክንኻን ቆልዑ ኣብ ትካላት መውዓሊ ህጻናት ኣለዉ፣ ን ኣብነት ኣብ:

- ሓደ መዋእለ ህጻናት
- መሐለዊ ህጻናት
- መውዓሊ ዕሸላት
- ሓደ  Haus für Kinder
- ናይ መዓልቲ ናይ ቆልዑ መከታተሊ.

ሓደ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ መከናኸኒ ቆልዑ ትካላት ኣብ ከባቢኹም ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ናይ ከባቢ መንእሰያት ቤት ጽሕፈት ኣበርስበርግ: https://kreisjugendamt.lra-ebe.de/kindertagesbetreuung/beratung-und-vermittlung

ክትረኽቡ ትክእሉ። ንቅላድኩም ዝኸውን ናይ መውዓሊ መከናኸኒ ቦታ ኣብ እትደልይሉ እዋን ሓገዝ ኣድሊ.ይኩም፣ ን ከባቢኹም ወይ ን „Kindertagesstättenaufsicht“ ናይ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣበርስበርግ ተወከስዎ።

**Kindertagesstättenaufsicht**
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823198 oder 08092 823399
E-Mail: kita-aufsicht@lra-ebe.de
Internet: https://kreisjugendamt.lra-ebe.de/kindertagesbetreuung/beratung-und-vermittlung

ውላድክም ናብ  ሓደ ትካል መውዓሊ ህጻናት ዝኸይድ እንተኾይኑ፣ እቶም ንዕኡ ዘድልዩ ወጻኢ.ታት ብምሉኦም ወይ ብኸፊል ብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ክሸፈኑ ይኽእሉ ኢዮም። ነዚ እቲ እቶትኩም ኢዩ ዝውስኖ። ን እቲ  ኣብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣበርስበርግ ዝርከብ  „Wirtschaftliche Jugendhilfe“  ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢ.ኹም።

**Wirtschaftliche Jugendhilfe**
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823256
E-Mail: jugendamt@lra-ebe.de
Internet: https://kreisjugendamt.lra-ebe.de/wirtschaftliche-hilfen/uebernahme-der-elternbeitraege-in-kindertagesstaetten/
sowie:
https://kreisjugendamt.lra-ebe.de/wirtschaftliche-hilfen/finanzierung-von-betreuungsplaetzen-in-der-kindertagespflege/

## ካልኦት ቀረባት - ትምህርቲ

እዞም ዝስዕቡ ትካላት ዝተፍላለዩ ንይ ትምህርቲ ቀረባት፣ ኮርሳት፣ ኣስተምህሮታትን ፕሮጀክትታትን ብዛዕባ ሰፋሕቲ ናይ ኣርእስቲ ገጻት ይህቡ። ነቶም ቀረባት ኣብ ኢንተርነት ወይ ከኣ ኣብቲ ናይ መደባቶም ጽሑፋት ክትረኽብዎም ትኽእሉ።:

Evangelisches Bildungswerk
Rosenheim-Ebersberg e.V.
Münchener Straße 38, 83022 Rosenheim
Telefon: 08031 8095580
E-Mail: info@ebw-rosenheim.de
Internet: www.ebw-rosenheim.de

Volkshochschule im Zweckverband
Kommunale Bildung in der Region Ebersberg, Grafing, Kirchseeon, Markt Schwaben
Griesstraße 27, 85567 Grafing
Telefon: 08092 81950
E-Mail: info@vhs-grafing.de
Internet: www.vhs-grafing.de

Katholisches Kreisbildungswerk
Ebersberg e.V.
Pfarrer-Bauer-Straße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 85079 0
E-Mail: info@kbw-ebersberg.de
Internet: www.kbw-ebersberg.de

Volkshochschule Vaterstetten e.V.
ቀንዲ ቤት ጽሕፈት፣
Baldhamer Straße 39, 85591 Vaterstetten
Telefon: 08106 3590 35
E-Mail: service@vhs-vaterstetten.de
Internet: www.vhs-vaterstetten.de
ጨንፈር፣ Poing, Pliening, Anzing:
Friedensstraße 5, 85586 Poing
Telefon: 08106 3590 91



ብጽቡቕ ምልላይ

ፕዕና

... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...

እቲ ሕጋዊ ኢንሹራንስ ጥዕና፣ ንስኹም ወይ ቤተ ሰብኩም ክትሓሙ ከለኹም ይሕግዘኩም። ብዘየካ እዚ ብዙሕ ናይ ምክልኻል ጥዕና ወጻኢታት (ን ኣብነት ምሕካም ኣብ ሓኪም ስኒ), ናይ ድሕሪ ሕክምና ዝካየዱ ምክንኻን ሕክምናታትን ወጻኢ ይኸፍለልኩም። ከምኡ እውን ምስ ናይ ምውላድ ደቅኹም ዝተሓሓዙ ወጻኢታት ይኸፍለልኩም። ብምኽንያት ሕማም ንነዊሕ ጊዜ ክትሰርሑ ስለዘይከኣልኩም, እሞ በዚ ምኽንያት ካብ ወሃቢ ስራሕኩም ደሞዝ ዘይትወሃቡ ምስ እትኾኑ፣ እቲ ሕጋዊ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ገንዘብ ንሕሙማት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከም መተካእታ ትኽፍለኩም።

ን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሰራሕተኛታት እቲ ሕጋዊ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ከሳብ ዝተወሰነ እቶት ( ሓፈሻዊ ወይ ፍሉይ ናይ ዓመት ዝለኣኣለ እቶት  መገምገሚ) ግድነት ኢዩ።  ካብዚ እቶት ንላዕሊ ምስ ዝህሉ፣ ወይ ኣባል ሕጋዊ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ወይ ናይ ውልቂ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ክትኮኑ እንተደሊኹም ባዕልኹም ክትውስኑ ትኽእሉ ኢኹም። ሓደ ካብዞም ክልተ ምርጫታት ክትሕዙ ኣለኩም። ፈጺምካ ብዘይ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ክትከይድ ኣይከኣልን ኢዩ።

ካብ ፈደራላዊ ሚኒትሪ ናይ ጥዕና ሰፊሕ ሓበሬታታት ን ናይ ጥዕና ኢንሹራንስን ናይ ጥዕና ኣገባብ ኣብ ጀርመንን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ www.bundesgesundheitsministerium.de. ከምኡ እውን ናብ ናይ ዜጋታት ተለፎን ናይ ጥዕና ሚኒስትሪ ብዛዕባ ጉዳይ ኢንሹ_ ኡራንስ ጥዕና ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ 030 340606601

## ጥዕና

ኣብ እትሓምሉ እዋን ወይ ናይ ጥዕና ጸገማት ክህልወኩም ከሎን፣ ናይ ናይ ቤት ሓኪም ተባሂሉ ዝፍለጥ ኪዱ። ንሱ ናይ ሓፈሻዊ ሕክምና ሓኪም ኢዩ፣ ቀጻሊ ሓገዝ ክንትረኽቡ ከኣ ይኽእል ኢዩ። ባዕልኹም ናብ ኣየናይ ናይ ቤት ሓኪም ከምትኸዱ ክትውስኑ ትክእሉ ኢኹም። ሓደ ሳዕለዋይ ሓኪም እንተ ኣድሊዩኩም፣ እቲ ናይ ቤት ሓኪምኩም ከም ልሙድ ናብ ሓደ ክኢላ ሓኪም የመሓላልፈኩም። ንህጻናት ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ሓኻይም ህጻናት ኣለዉ።   ሓኻይም እቲ ትነግርዎም ኩሉ ነገር ክዕቅብዎ ይግደዱ ኢዮም። እዚ ማለት ከኣ ብዘየካ ናትኩም ፍቓድ እቲ ንጥዕናኹም ዝምልከት ሓበሬታታት ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ኣይፍቀድን ኢዩ። እዚ ብ ኣባላት ስድራ ቤትኩም እውን ብኸምኡ የገልግል።

## ህጹጽ ኩነታት

ኣብ እዋን ሓደጋን ህጹጽ ናይ ጥዕና ኩነታትን ናይ መድሓኒ ኣገልግሎት ኣብ ቁጽሪ 112 ደውሉ። ነቲ ናይ መድሓኒ ኣገልግሎት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስሉ፣ ኣብ መስመር ስልኪ ከኣ ጽንሑ፣

- መን ኢዩ ዝድውል ዘሎ?
- ኣበይ ኢዩ እቲ ነገር ተኸሲቱ?
- እንታይ ኢዩ ተረኺቡ?
- ክንደይ ዝተተንከፉ / ዝተጎድኡ ኣለዉ?
- ተወሳኺ ሕቶታት ክሳብ ዝመጻኩም ተጸበዩ

ንዝተጎድኡ ተኸናኸንዎም. ቀዳማይ ረዲኤት ግበሩ.

ሕክምናዊ ህጹጽ ኩነትት ን ኣብነት እዞም ዝስዕቡ ኢዮኦም፣

- ሕጽረት ትንፋስ,
- ምጥፋእ ሃለዋት,
- መስበርቲ ዓጽሚ,
- ጽንኩር ቃንዛ ኣብ ኣፍ ልቢ.

ኣብ ከምዚኦም ኩነታት ብዝተኻእለ ቅልጣፈ ናብ ሓኪም ኪዱ ወይ ከኣ ናብ ናይ ምድሓኒ ኣገልግሎት ደውሉ።

## ክሊኒክ ከባቢ አበርስበርግ

ብመሰረቱ ኣብዚ ክሊኒንክ ሕክምና ዝግበረልኩም፣ እንተደኣ ሓኪምኩም ናብኡ ክትኣትዉ ኣዚዙ ኢዩ። ካብ ሓኪምኩም ናብ ክሊኒክ መእተዊ ወረቐት ክኣ ይወሃበኩም። ድሕሪ ሃደጋ ወይ ብርቱዕ ናይ ቃንዛ ምልክታት ምስዝህልወኩም፣ ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ናብቲ ማእከላይ ናይ ህጹጽ መቐበሊ ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዞባ አበርስበርግ፣ ኣብዚ ክሊኒክ፣ ሓደ ኣዚዩ ዘመናዊ ሆስፒታል ኣሎ፣ ኣብዚ ብዙሓት ከበድቲ ሕማማት ሕክምና ክግበረሎም ይከኣል። ኣብዚ ናይ ምውላድ ክሊኒክ እውን ኣሎ። ግድነት ናብ ሙኒክ ናብ ሆስፒታል ምጉዓዝ ኣየድልየኩምን ኢዩ።

KREISKLINIK EBERSBERG
seit 1878

Kompetent individuell persönlich

Kreisklinik Ebersberg
Pfarrer-Guggetzer-Straße 3
85560 Ebersberg
Telefon: 08092 820
Internet: www.klinik-ebe.de



## ቤት መድሃኒታት

ብመሰረቱ ኣፋውስ ካብ ፋርማሲ ኢኹም ትረኽቡዎ። ሓኪምኩም መድሃኒታት ብ ቀጠልያ ወይ ብቐይሕ ወረቐት ኣፋውስ ክእዝዘልኩም ይኽእል ኢዩ። በቲ ቀይሕ ወረቐት እንተበዝሓ ካብ 5 ክሳብ 10 ዩሮ ክፍሊት ትእዛዝ ፈውሲ ትከፍሉ  እቶም ብቐጠልያ ወረቐት ዝእዘዙ ኣፋውስ ባዕልኹም ክትከፍልዋኦም ኣለኩም።ከምኡ እውን ኣፋውስ ኣለዉ ሓኪም ክእዝዞም ዘየድልዩ. ነዚኣቶም ባዕልኹም ኣብ ፋርማሲ ወይ ከኣ ሹቕ ኣፋውስ ክትገዝእዎም ትኽእሉ ኢኹም።.

ወጻኢ ካብ ስራሕ ሰዓታት ፋርማሲ፣ ናይ ህጹጽ እዋን ኣገልግሎት ፋርማሲ ኣሎ። ሓደ ካብቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ፋርማሲታት ዋላ ክሳብ ምሸት ክፉት ይኸውን። ኣብ ኢንተርነት፣ ኣየናይ ፋርማሲ ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ፣ ናይ ህጹጽ እዋን ኣገልግሎት ከምዝህብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

www.lak-bayern.notdienst-portal.de

## Das Gesundheitsamt

ቤት ጽሕፈት ጥዕና ኣካል ናይ ቤት ጽሕፈት ዞባ አበርስበርግ ኢዩ። ኣብኡ ን ኣብነት ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ወልፊ (መስተ, ከኒናታት, ዕጸ ፋርስ ...)
- ኤቻይቪን ብግብረ ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን
- ጥንሲ
- ክታበታት

እቲ ምኽሪ ነጻን ብምስጥር ምዕቃብን ይካየድ

Gesundheitsamt
Eichthalstraße 585560 Ebersberg
Telefon: 08092 823390
E-Mail: gesundheitsamt@lra-ebe.de

## መንግስታዊ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ምኽሪ ነቑጣ ኣብ ዞባ ኣበርስበርግ ን ሕቶታት እዋን ጥንሲ

ደቂ ኣንስትዮ ነፍሰ ጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን፣ ብዙሓት ሕቶታት ኣለዉወን።

- ሕጅን ዳሕረዋይ እዋንን ንውላደይ ገንዘብ ክወሃበኒ ዲዩ?
- እንታይ ክሳልጥ ኣለኒ? ኣየኖት ናይ ስድራ ቤት ሓገዛት ክሓትት እኽእል?
- መን ኢዩ ዝድግፈኒ?
- እንታይ ክገብር ኣለኒ፣ እንተደኣ ነቲ ቆልዓ ክወልዶ ዘይደሊየ? (§ 219 ምኽሪ)

ምሳና ብዛዕባ ኩሉ ነገራት ክትዘራረባ ትኽእላ ኢኽን። ሓቢርና ሓደ መፍትሒ ንደሊ። ኣየኖት መፍትሒታት ንዓኽን ጽቡቕ ምዃኖም፣ ባዕልኽን ትውስና። ናብቶም ምዝርራባት ወ ምስ በዓል ሓዳርክን ወይ ከኣ ምስ ካልእ ትኣምንኦ ሰብ ክትመሽኣ ትኽእላ ኢኽን። እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ነፍሰ ጾራት መማኸሪ ክሳብ ውላድክን ሰለስተ ዓመት ዝመልእ ኣብ ጎንኽን ኣለዉ።እቲ ምኽርትት ምስጢር ዝዓቀበ ኢዩ፣ ብነጻ ይወሃብን ምስ ሃይማኖት ወይ ዜግነት ከኣ ኣይተሓሓዝን።

Schwangerenberatung im
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 8230
E-Mail: schwangerenberatung@lra-ebe.de

## Donum Vitae – ብመንግስቲ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ነፍሰ ጾራት ናይ ምኽሪ ነቑጣ

ዶኑም ቪታኣ  ሓደ መንግስታዊ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ነፍሰ ጾራት ናይ ምኽሪ ነቑጣ ኢዩ።

ኣብ እዚ ዝስዕብ ጉዳያት ኣብ ጎንኹም ኣለና፣

- ኣብ ኩሉ ንጥንስን ምውላድን ዝምልከት
- ክሳብ ውላድኩም ወዲ 3 ዓመት ዝኸውን
- ኣብ ናይ ሓዳርን ስድራ ቤትን ዝምድና ጸገማት
- ኣብ ሞትን ምኻድ ጥንስን
- ኣብ ምውላድ ምስ ምዕቃብ ምስጢርን ብዘይ ምሃብ ሽምን
- ናይ ምውላድ ድሌት ኣብ ዘይማልኣሉ
- ኣብ ቅድሚ፣ እዋን፣ ድሕርን ናይ እዋን ጥንሲ ምርመራታት፣ ኣብ እዋን ጸገማትን ሕማማትን
- ኣብ ናይ ስድራ ቤት ምምዳብን ምክልኻል ጥንስን
- ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ሓገዛት።

DONUM VITAE in Bayern e.V.
beraten – schützen – weiter helfen

Donum Vitae
Bahnhofplatz 4a, 85540 Haar
Telefon: 089 32708460
Fax: 089 32708461
E-Mail: haar@donum-vitae-bayern.de
Internet: haar.donum-vitae-bayern.de
Außensprechstunde in Poing:
Bürgerhaus 1. Stock, Bürgerstr. 1, 85586 Poing
Dienstags 9.30-13.30 Uhr

## ማሕበረ ስነ መንፈሳዊ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣበርስበርግ (SPDI)

እቲ ማሕበረ ስነ መንፈሳዊ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣበርስበርግ ን ስነ መንፈሳዊ ቅልውላው ዘለዎም ሰባትን ቤተ ሰቦምን ሓገዝ የወፊ። ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት ኩሉ ሰብ ናብዚ ቦታ SPDI ክውከስ ይኽእል ኢዩ። እንተ ደሊኹም ሽምኩም ከይገለጽኩም እውን ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ምኽርታት ብነጻን ምስጢር ዓቃብን ኢዩ። እቲ ምስ አቶም ሰራሕተኛታት ናይ SPDI ትዘራረብዎ፣ ናብ ካልእ ቦታ ኣይመሓላለፍን ኢዩ።ብተወሳኺ SPDI ኣዞም ዝስዕቡ ይህብ፣

- ምብጻሕ ናብ ገዛ (ኣድላዪ ምስ ዝኸውን)
- ምብጻሕ ኣብ ሕክምና (ኣድላዪ ምስ ዝኸውን)
- ብዙሓት ዝተፈላለዩ ቀረባት ብጉጅለታት

**Sozialpsychiatrische Dienste Ebersberg**
Sieghartstraße 21, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 853380
Fax: 08092 8533830
E-Mail: spdi-ebersberg@im-muenchen.de


## ፍሉይ  ኣምቡላንስ ንናይ ወልፊ ሕማማት ናይ ማእከል ካሪታስ አበርስበርግ

ንስኹም ወይ ሓደ መሓዛኹም ጸገማት ብ ወልፊ ዘትሕዙ ነገራት ኣለኩም ዶ? ወልፊ ዘምጽኡ ነገራት ን ኣብነት ኣልኮል ወይ ዐጸ ፋርስ ኢዮም። ግዙእ ናይ ወልፊ ዘትሕዙ ነገራት  ወይ ከምኡ ተመሳሳሊ ጠባይ ወፍን፣ ብዙሕ ጊዜ ምስ ቅልውላው ሂወት፣ ናይ ቤተ ሰብ ምስሕሓብን ናይ ሓዳር ግርጭትን ዝተተሓሓዙ ኢዮም። ፍሉይ ኣምቡላንስ ን ንናይ ወልፊ ሕማማት ኣብ ዞባ አበርስበርግ ምስጢርኩም ዓቂቡ ምኽሪ እውን ይህብ ። እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ነዊሕ ዓመታት ተመኩሮ ኣብ ሓገዝ ኣንጻር ወልፊ ኣለዎም። ብ ኣካል ተረኺብኩም ብዛዕባ ዘለኩም ሕቶታት ምዝርራብ ክግበር ይከኣል። ሓቢርና ከኣ መፍትሒታት ንድሊ።

Caritas Nah. Am Nächsten

**Fachambulanz für Suchterkrankungen**
Bahnhofstraße 1, 85567 Grafing
Telefon: 08092 2324150
E-Mail: fachambulanz-ebe@caritasmuenchen.de





ብሓባር ምንባር

# ምውህሃድ ነጻ ጊዜ

... ክትፈልጥዎ ዘለኩም ...

ሓደ ማሕበር ምትእኽኻብ ናይ ተመሳሰልቲ ረብሓታትን ናይ ሓባር ዕላማታትን ሰባት ኢዩ። ኣብዚ ብዙሓት ሰባት ብነጻ ናይ ምግልጋል ዕማማት ይወስዱ። እዚ ማለት ነቲ ስራሕ ኣብ ነጻ ጊዚኦምን ብዘይ ክፍሊትን የካይድዎ ማለት ኢዩ። ኣብ ማሕበራት ምስ ሰባት ክትቀራረብን ብዙሕ ሌላታት ከተፍርን ይከኣል።

ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዘካይዱ ማሕበራት ኣለዉ፣ ን ኣብነት። ስፖርት፣ ሙዚቃ ወይ ስነ ጥበብ። ን ኣብነት ኣብ ሓደ ናይ ስፖርት ማሕበር ብርትዓዊ ዋጋ ስፖርት ከተካይዱ ትኽእሉ። ካልኦት ማሕበራት ን ፍሉያት ኣርእስትታት ዝምልከቱ ምኽርታት ይልግሱ። ኣብ ጥቓኹም ኣየኖት ማሕበራት ከም ዘለዉ ንምፍላጥ ንከባቢኹም ተወከሱ።

ብነጻ ኣብ ማሕበራት ምግልጋል ኣብ ሃገር ጀርመን ኣዚዩ ፍቱው ኢዩ። ብዙሕ እዋን ብነጻ ኣብ ማሕበር ከምእተገልግሉ ናይ ጽሑፍ ምስክር ይወሃብ። ንማሕበርኩም ነዚ ዝምልከት ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ መረጋገጺ ን ኣብነት ስራሕ ኣብ እትደልይሉ እዋን ምስቲ ናይ ስራሕ መድለዪ መሕትት ኣተሓሒዝኩም ከተቕርብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብሓባር ምንባር

### ምውህሃድ ነጻ ጊዜ

ዞባ ኣበርስበርግ ዕረፍቲ ኣብ ብዙሕ ገጻት ዘለዎ ተፈጥሮን ምስ ብዙሕ ናይ ስፖርትስ ነጽ ጊዜ ቀረባትን ይህብ። ካብዚ ኣቶም ን ኣብነት፣

- ሓደ ሰሓቢ ናይ ብሽክለታን ብ እግሪ ናይ ምጉዓዝ ሰኪዐት,
- ዱር ናይ ኣበርስበርግ,
- መሐንበሲ.ታት ቀላያትን መሐንበሲ ቦታታትን፣
- ጽፉፋት ናይ ጎልፍ ቦታታትን ከሙ እውን ብዙሕ ካልእን።

እቶም ናይ ርሑቕ ናይ ብሽግለታ መንገድታት „ኢዛር-ኢንን“ und „ዘምፕት-ማንግፋልን“ ውቁባትን ሰሓብቲ ዝርኣዩ ቦታታት ከም ናይ ኣበርስበርግ መዐዘቢ ጎቦን ናይ ኣእዋም ቢተ መዘክርን ኣብ ጎድኒ ናይ ኣበርስበርግ ዱር ዝርከቡ ይወስድ። ብቑዓት መራኸቢ መንገድታት ናብ ዋና ከተማና፣ ናብ ኤክስፖ ሙኒክ፣ ናብ ኤየርፖት፣ ናብ ናይ ባየር ጎቦታት ኣልፐስ ወይ ቀላይ ኪም ይወስዱ።

ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽ www.tourismus-ebersberg.de ብዛዕባ ተወሰኽቲ ናይ ነጻ ጊዜ ቀረባትን፣ መዘወሪ ቦታታትን ባህላዊ ቀረባትን ኣብ ዞባና ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ገጽ ናይ ኢንተርነት ብ ቋንቋ ጀርመን ኢዩ።

## Fachstelle Ehrenamt im Landratsamt Ebersberg

አቲ ፍሉይ ነቑጣ ምግልጋል ብነጻ ን ኩሎም ብነጻ ምግልጋል ንዝምልከቱ ሕቶታት ናይ ኣገልግሎትን መልሲ ወሃብን ቦታ ኣብ ምምሕዳር ዞባ አበርስበርግ ኢዩ። ደገፍን ምርኻብን ን እቶም ብነጻ ዘገልግሉን፣ ማሕበራትን ውድባትን ይህብ። ከም ምልክት ምስጋናን ኣድናቖትን ኣብ ዝካይድ ስራሕ፣ እቲ ዞባ ናይ ባየር ናይ ነጻ ኣገልግሎት ካርድ ይህብ። ካብቶም ምስ እዚ ኣገልግሎት ዝተሓባበሩ ቦታታት ንግዲ ከኣ ነኣሽቱ ናይ ዋጋ ምጉዳል ይግበረልኩም። ተወሳኺ ሓበሬታታት ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ትረኽቡ። አቲ ናይ ኢንተርነት ገጽ ብቋንቋ ጀርመን ኢዩ።

Fachstelle Ehrenamt im
Landratsamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823516
E-Mail: demografie@lra-ebe.de
Internet: http://ehrenamt.lra-ebe.de oder
www.engagiert-im-landkreis-ebebersberg.de

## Kreisjugendring

ኣብ ክበብ መንእሰያት ዞባ ናይ መንእሰያት ውድባት ኣብ ዞባ አበርስበርግ ዝርከቡ ሓቢሮም ይሰርሑ። እቲ ክበብ መንእሰያት ዞባ ብፖለቲካዊ ሸነኽ ንረብሓ ኣብ ዞባ አበርስበርግ ዝነብሩ ህጻናትን መንእሰያትን ይሰርሕ። ኣብ ከክልተ ዓመት ሓደ ዓቢ ፈስቲፋል የዳሉን በብጊዚኡ ከኣ ነኣሽቱ ስርሓት ን ህጻናትን መንእሰያትን የዳሉ። ካብ ቤት ጽሕፈት ናይ እቲ ክበብ መንእሰያት ዞባ ብዛዕባ ምስራሕ ምስ መንእሰያት ዘለኩም ሕቶታት ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ብነጻ ኣብኡ ከተገልግሉ ትደልዩ ዶ ? ናይ ገዛእ ርእስኹም ጉጅለ መንእሰያት ክትምስርቱ ትደልዩ ዶ? ንመደባትኩም ገንዘብ የድልየኩም ዶ? ታዕሊም ን ናይ መንእሰያት መራሒ ክትወስዱ ትደልዩ ዶ? ናብቲ ናይ ክበብ መንእሰያት ዞባ መጺእኩም ክትውከሱ ደስ ይብለና።

Kreisjugendring Ebersberg
Bahnhofstraße 12, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 21038
Internet: www.kjr-ebe.de
Facebook:www.facebook.com/kjrebe
Instagram: #kjrebersberg



## Das Spielkistl – ምልቃሕ ናውቲ መጻወቲ ካብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ኣበርስበርግ

እቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ከም ተወሳኺ ኣገልግሎት ናይ ነኣሽቱን ዓበይትን ናውቲ መጻወቲ ምልቃሕ የካይድ ኢዩ።. ኣብ ናይ እቲ ናይ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ናይ ኦንላይን ኣገልግሎት ናይ ኢንተርነት ገጽ ካብ ናይ ኣርቲስትታት ኣቕሑት ክሳብ ናይ ዝላ-ኣጉዶ ዝተፈላለየ ምርጫ ይርከብ። ብቁሩብ ገንዘብ ኣብኡ ኣቕሑት መጻወቲ ንውልቀ ውራይ ክትልቅሑ ትኽእሉ ኢኹም።እዚ ኣገልግሎት  ነዞም ኣብ ዞባ ኣበርስበርግ ዝነብሩ ይምልከቶም፣

- ነበርቲ
- ማሕበራት
- ቤት ትምህርትታት
- ናይ ሓገዝ ማሕበራት


ንሓደ ናይ ውልቂ ውራይ መጻወቲ ኣቕሑት ክትልቕሑ ትደልዩ ዶ?

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም፣
https://kreisjugendamt.lra-ebe.de/servicedienste/spielkistl/spielgeraetebestellung/
እቲ ገጽ ናይ ኢንተርነት ብቛንቋ ጀርመን ኢዩ።

## መደብ ጊዜ ዕረፍቲ

ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ነፍስ ወከፍ ዓመት ናይ ጊዜ ዕረፍቲ መደብ ይዝርግሕ። እቶም ቀረባት ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ናይ ሓገዝ መንእሰያት ይመጽኡ። ወይ ኣብቲ ዞባ ወይ ካብኡ ወጻኢ ይካየዱ፣ ገለ መደባት ከኣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ይካየዱ። ካብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ከባቢ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

Kreisjugendamt Ebersberg
Eichthalstraße 5, 85560 Ebersberg
Telefon: 08092 823256
E-Mail: jugendamt@lra-ebe.de
Internet: www.kreisjugendamt.lra-ebe.de



## ናይ ነጻ ጊዜ መሕለፊ ናይ ክፉት ኣካለ ስንኩላን ስራሕ ናይ AWO Kreisverbandes Ebersberg e.V

ንኣካለ ስንኩላን ዝኾኑን ዘይኮኑን ሰባት ብዙሓት ቀረባት ኣለዉና። ነጻ ጊዜ ብሓንሳብ ነሕልፎን ብሓንሳብ ንዙረት ንኸይድን።

- ብሓንሳብ ናብ ምሕንባስ ንጉዓዝ፣
- ወይ ከኣ ናብ ምሕኳር፣
- ወይ ከኣ ብሓንሳብ መግቢ ንኽሽን።


ኩሉ ሰብ ኣባና ክሳተፍ ይኽእል ኢዩ ! እንተደኣ ምሳና ክትነጥፉ ደሊኹም፣ ናባና መጺእኩም ተወከሱና። ስልኪ ደዊልኩም ርኸቡና። መደባትና ኣብ ኢንተርነት ኣብ ትረኽብዎ፣ www.awo-kv-ebe.de

AWO Kreisverband Ebersberg
Herzog-Ludwig-Straße 20,
85570 Markt Schwaben
Telefon: 08121 933441 oder 08121 933436
E-Mail: oba@awo-kv-ebe.de
Internet: www.awo-kv-ebe.de

## ቤተ መጻሕፍቲ

ኣብተ መብዝሕትኡን ከባቢታትን ዞባታትን ህዝባዊ ቤት ንባን ኣለዉ። ኣብኡ ብዘየካ ካልእ እዚ ዝስዕብ፣

- መጻሕፍትን መጽሔታትን
- መጽሓፍቲ ብድምጺ
- ሲዲን ዲቪዲስን ክትልቅሑ



Landratsamt Ebersberg
Abteilung Jugend, Familie und Demografie
85560 Ebersberg, Eichthalstraße 5
Tel: 08092 823 207
Fax: 08092 823 9207
Mail: demografie@lra-ebe.de
Web: www.lra-ebe.de